# <u>ጉራን ፈኸራን መቐለ ካብ ምድርቤት ናብ ውሻጠ።</u>

*እቲ ኣብ ወተሃደራዊ፡ ፖሎቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያውን ዓውድታት፡ ዝኸሰረ ሰኸራም መሪሕነት ህወሓት፡ ብጀካ ኣብ ሓንጎሉ ዘሎ ጥሙሕ ድልየት፡ ኣብ ህዝቢ ዘሎ ኩነታት ካብ ምርኣይ፡ ብሰርቂ፡ ልማኖ፡ ለቕሓን ዝኣከቦ ገንዘብ ዓይኑ ዓዊሩ፡ እዝኑ ጸሚሙ፡ ናብራ ህዝቢ ኣብ ዝኸፍኤ ደረጃ ኣውዲቑ፡ ኣብ ፈቐዶ ባራትን ሆቴላትን መቐለ ክሰክርን ፍንፉን ተግባራት ክፍጽም ዝውዕልን ዝሓድርን ፡ ንህዝቢ  ካብ ድኽነት ኣጋላጊለካ እየ ክብል፡ ኣብዚ ናይ መበል ኣርብዓን ሓሙሽተን (45) ዓመት ጽንብል ብረታዊ ቃልሱ ዘካይደሉ ዘሎ ክዓፍር ይሰማዕ ኣሎ።  ህወሓት ነታ እናተጸንቀቐት ትኸይድ ዘላ ስልጣኑ ከናውሕ ንህዝቢ ግዳይ ክገብር 'ኣብዚ ሕጂ እዋን ትግራይ ብጸላእቲ ተኸቢባ ኣላ። ዶክቶር ኣቢይ ምስ ፕረሲደንት እሰያስ ኮይኖም ንዓኻ ንህዝቢ ትግራይ ኣብቲ ብቕልጽምና ዝሰዓርናዮ ስርዓት ሃይለስላሴን ደርግን ዝነበርካ ባርነት ክመልሱኻ ተላዒሎም ኣለዉ። ህወሓት ናጽነት ኣምጺኡ እዩ። እዚ ሕጂ ዝመጸካ ዘሎ ኲናት ናትካ ናይ መንእሰይ ስራሕ እዩ፡ ተዳሎ ታሪኽ ኣቦታትካ ድገም፡ ኣብ ጉዳይና ኢዱ ዘእተወ ኢዱ ቁረጾ ወዘተ . . . እናበለ ንህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ንመንእሰያት ናብ ዘይምሕር ሓዊ ክጠብሶም ተላዒሉ ይብሎም ኣሎ።*

*ህወሓት ብልክዕ ብህዝባዊ ግንባር መሉእ ደገፍ ተገሩሉ፡ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ ኣብ ስልጣን ክመጽእ ተገሩ እዩ። ህወሓት ንደገፍ ህዝባዊ ግንባር እንተጠለሞ ታሪኽ ከምዘይጠልም ህዝቢ ዓለም ይፈልጦ፡ ብፍላይ ከኣ ህዝቢ ትግራይ። ሎሚ ነዚ ዘሎ መንእሰይ ታሪኽና ድገም ክብሉዎ ከለዉ፡ ነቲ ክዕወቱ ዝገበሮም ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ኪሒዶም ጸረ መንግስቲ ኤርትራ ተልዓል ክብሉ ከለዉ መንእሰይ ትግራይ ከምቲ ኣብ ግንባር ጾሮና ግንባር ዓልተና ገዛ ገርህላሰን ዝገጠመ ዕድል የጋጥምካ ዝብል መርገም እዮም ዘሰንቑዎ ዘለዉ።  ንስደተኛታት ኤርትራውያን መሸቐጢ ተጠቒምካ ህዝቢ ኤርትራ ምሳና እዩ ዘሎ።   ጎንና ኮይኑ ንመንግስቲ ህግደፍ ክግምጥል ተዳልዩ ኣሎ፡ ዝብል ሕልሚ ደርሆ ነቶም ሰንኮፋት ተጋሩ ሓቂ ክመስሎም ይኽእል ይኸውን። እንተ እቶም ብመሲሉዎም ንትግራይ ዝተሰዱ ኤርትራውያን ግን ምረት ውጋእ ሕድሕድ ታሪኹ ስለ ዘለዎም ጸረ ኣሕዋቶምን ህዝቦምን ክዋግኡ ኢልካ ምሕሳብ ስንኩፍ ልቢ ህወሓት ዝሓሰቦን፡ ሃሱሳት መጋበርያ ወያነ ዝምነዮን ጸሊም ኣሰር ዝገድፍ ታሪክ ጥራሕ'ዩ።*

*ህወሓት ጉዕዝኣ ካብ ምድርቤት ናብ ውሻጠ እዩ። እታ ኣትያታ ዘላ ውሻጠ ጸልማት ጸባብ ዘይተጋላብጥ እያ።  እቲ ምድርቤት ኢትዮጵያ ክትከውን ከላ እታ ጸባብ ውሻጠ ድማ ትግራይ እያ።  ህወሓት ኣብ ውሻጠ ትሃሉ እምበር ካብ ውሻጠ'ውን ኣብታ ጉብጥሽ ኣትያ ትነድድ'ያ ዘላ።  ካብኡ ንኽትወጽያ መንእሰይ ተልዓል ትብሎ ዘላ። ሂወታ ንምድሓን ሂወት ኣሽሓት ክኸፈል ሰጋኣ ዘይትብል።  ህወሓት ካብ ሓንቲ ብር ክትጠፍኣ ወይ ተጋግየ ምባል፡ ሂወት ኣሽሓት ሰብ ክቕዘፍ ትመርጽ። ምናልባት ንገለ ሰባት እዚ ምግናን ኮይኑ ይስምዓ ይኸውን፡ ግን ሓቂ እዩ። ድኻ ካብ ሓንቲ ብር ሓሙሽተ ሳንቶም ንለማናይ ክቶኩብ ከሎ፡ ህወሓት ብግብረ ሰናያት ንድኻታት ዝተመጽወተ ሓገዝ ትሰርቕ። ከምኡ ስለ ዝገበረት ከኣ እያ ትማል ካብ በረኻ ክትኣቱ ከላ ብትሕዝቶ ሕርቕቲ ዝነበረት ኣብ ስልጣን ምስ መጸት ከይሓረሰት ከይሓፈሰት ብቢልዮናት ዝሰረቐቶ ገንዘብ ሰኺራ ኣብ ዞባና ናይ ጥፍኣት ነጋሪት ትወቅዕ ዘላ።*

*ህወሓት ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ዘለዎ ጽልኢ ንጹር እዩ። ናይ ዶብ ኣይኮነን። ምናልባት ንጉሩህ ኮምኡ ኮይኑ ክስምዖ ይኽእል ይኸውን።   ናይ መርገጽ ጉዳይ እዩ።  በረኣእያ ጃንዳ ምስ ትግራይ ትዳወብ ደሞክራሲያዊት፡ ካብ ብልሽውና ነጻ፡ ኣብ ነብሰ ምርኮሳ ትኣምን፡ ሰበ ስልጣና ከም ተራ ህዝቢ ዝነብሩ፡ ሃገር ክትህሉ ማለት፡ ንወያነ ብጎሮርኣ ምሕናቕ ማለት'ዩ።  ጃንዳ ክልተ መልሓሳ ከም ተመን፡ ሕብራ ሕብሪ ነፋሒቶ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንህዝቢ ትግራይ ይንዕቆ፡ ዓጋመ ኢሉ ይጸርፎ፡ ኣራይ በለስ፡ ሮፋዕ እዩ ዝብሎ፡ ህዝቢ ትግራይ ክሓልፈሉ ኣይፈውን እናበሉ ባዕል ገብሩ ኣስራት ኣብ ኣደባባይ ክዛረቡ ከም ዘይሓገዩን ከረሙን፡ ሕጂ ድኣ ነየናይ ኤርትራዊ'ዩ ኣሕዋት ኢና እናተባህለ ዝቑዘም ዘሎ፡ ነዞም ናይ መወለድ ቁሉውላው ዘለዎም ሒኣካ?  ወይስ ነቶም ንስለ ውልቃዊ ረብሕኦም ኤርትራ ክትበታተን ዝሓልሙ ኣውራጃውያን?*

*ዕንጅልና ወያነ ዘገርም'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንፈትወካ ሓውና ኢኻ፡ እንተኾነ ግን እዛ ክሳድካ ክትቆርጻ ኣሎካ፡ ትግራይ ትግርኚ (ኣግኣዝያን) ክዕስወት እንተኾይኑ እዮም ዝብሉ ዘለዉ። እዚ እንታይ ማለትዩ፡ ጸረ መንግስትኻ ተላዓል፡ ከምቲ ኣብ ኢራቕን ልብያን ዝተገብረ ግበር፡ ክንሕግዘካ ኢና እዮም ዝብሉ ዘለዉ።  ከይተፈለጠ ነይጨኑ ከምዝበሃል፡  ሕልሚ ወያነ ንጹር'ዩ፡ ሜረት ኤርትር ገሚዕካ ኣፍደገ ባሕሪ ትረክብ፡ ካብ ኢትዮጵያ ተፋቲሕካ፡ ትግራይ ትብሃል ሃገር ተቑውም ዝብል ሕልሚ ከተተግብር ሒኽ ትብል  ዘላ። ዓንቀ 39 ንዕኡ ተባሂሉ ዝቖመ እዩ ኔሩ።   ኣብ ኣዋሳ ዘይትኣደነ ባጀት ኣውጺኢ ምስ ግሩዛት ኤርትራውያን ዘካየደቶ ዋዕላውን ነዚ ተነጺሎ እንተሓገዝ ተባሂሉ ዝተገበረዩ ኔሩ።  ተሰፋ ተሳኢኑዎ። ከም መተካእታ ሕጂ ትጓያየሉ ዘላ እዚ ኣረጊ ሸጣራ ትግራይ ትግሪኚ ዝብል ፈጠራ'ዩ።*

*ህዝቢ ኤርትራ እቲ ብጽንዓቱ፡ ሓድነቱ፡ ትብዓቱ፡ ልውህነቱን ዝፍለጥ ህዝቢ ንስለ ጽቡቕ ተግባር ብመሳፍንቲ ትግራይ ከንደይ ግፍዒ ወሪዶዎ'ዩ።  እንተኾነ ግን ሰብ ብዘይ ፍቕርን ምክብባርን ክነብር ስለ ዘይክእል ንኹሉ ገዲፉ ንስለ ሰላም ክሰርሕ*

*ዝነበረን ዘሎን። መሳፍንቲ ትግራይ ንሰናይ ተግባር ህዝቢ ኤርትራ ከም በለጽን ዕሽነትን ወሲዶም ኣብ ሰራውር ጅማውቶም ከም ባህሊ ሰፊሩ ካብ ስርዓት ናብ ስርዓት እናተሓላለፈ ኣብ መሳፍንቲ ጃንዳ በጺሑ። ንለባም ኣምተሉ ንዓሻ ደርጉሓል ከም ዝበሃል፡ ሕጂ ግን ንጃንዳ* ***"ከም ቀደም ይመስለክን ውሕጅ ይወስደክን"*** *ኢልካ ቀይሕ መስመር ኣስሚርካ ምዕጻዉ ይሓይሽ።*

*ሓድነትና ዝፈታትን ከም ፈንጂ ይበታተን፡*
*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር*